| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
| --- | --- | --- |
| 28 **የካቲት** | **ዘጽ** 3፡ 1-8, 13-15<br>**መዝ** 103፡ 1-4, 6-8, 11<br>**1ቆሮ** 10፡ 1-6, 10-12<br>**ሉቃ** 13፡ 1-9 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ዘጽኣት ምዕራፍ 3 ብዛዕባ ኣምላኽ ንሙሴ ከም ዝጸውዖ ይነግረና። “እግዚኣብሔር ድማ ‘ጸበባ ኣብ ግብጺ ዘሎ ሕዝበይ ርእየ ኣሎኹ። እቲ ብሰሪ ጨቈንቶም ዘእውይዎ ዘለዉ ኸኣ ሰሚዐ ኣሎኹ፣ ስቓያቶም ኣጸቢቐ ፈሊጠ ኣሎኹ። ስለዚ ኻብ ኢድ ግብጻውያን ከድኅኖም ወሪደ ኣሎኹ፣ ካብታ ምድሪ እቲኣ ናብታ ጽብቕትን ርሕብትን ፈራይትን ልምዕትን ምድሪ፡ ናብ ዓዲ ከንኣናውያንን ሔታውያንን ኣሞራውያንን ፈረዛውያንን ሃዋውያንን ደቡሳውያንን ከደይቦም እየ። . . . ‘እምበኣር ሕጂ ንዓ፡ ንሕዝበይ ደቂ እስራኤል ካብ ግብጺ ከተውፅኦም፡ ናብ ንጉሥ ግብጺ ኽልእኸካ እየ’ በሎ። . . .  ‘ኣነ እቲ ዘሎኹ እየ’ ንደቂ እስራኤል ከኣ ‘እቲ ዘሎኹ ናባኻትኩም ልኢኹኒ’ በሎም በሎ።” ይብለና።<br>• መዝሙር 103 ከኣ “እግዚእብሔር ንኹሎም ጥቑዓት ብቕንዕና ይፈርዶም፣ ፍትሒ ድማ የውጽኣሎም። መደቡ ንሙሴ፡ ዜደንቕ ግብርታቱ ንደቂ እስራኤል፡ ኣፍለጠ። እግዚኣብሔር ርኅሩኅን መሓርን እዩ፣ ንኹራ ደንጓዪ፣ ብምሕረት ድማ ምሉእ እዩ። . . . ሰማይ ካብ ምድሪ ልዕል ከም ዚብል፣ ከምኡ ምሕረቱ ኣብ ኩሎቶም ዚፈርህዎ ዓቢይ እዩ።” ይብለና።<br>• 1 ቆሮንጦስ 10 ከኣ ካብ ኣምልኾ ጣዖት ክንጥንቀቕ ይነግረና። እግዚኣብሔር ብሙሴ ገይሩ ንደቂ እስራኤል ካብ ግብጺ ምስ ኣውጽኦም፡ “. . . ብመብዛኅትኦም ኣምላኽ ኣይተሓጐሰን፣ ስለዚ ሬሳኦም ኣብ በረኻ ተበቲኑ ተረፈ። እዚ ኸኣ ከምቲ ንሳቶም ነቲ እከይ ዝተመነይዎ፡ ንሕናውን ምእንቲ ኸይንምነዮ፣ መለበሚ ኰነና። . . . ስለዚ እቲ ደው ኢሉ ዚመስሎ፡ ከይውወድቕ ይጠንቀቕ።” ይብለና።<br>• ወንጌል ሉቃስ 13 ዘይንሳሕ ኩሉ ኪጠፍእ፣ ዘይፈሪ ኦም ከኣ ክቍረጽ ምዃኑ ይምህረና። “ኢየሱስ መሊሱ ከምዚ በሎም፡ ‘ነዞም ገሊላውያን እዚኣቶም እዚ ስለ ዝረኸቦምሲ ካብ ኩሎም ገሊላውያን ኃጥእን ዝነበሩዶ ይመስለኩም? ኣይፋሎምን፡ እንተ ዘይተነሲሕኩምሲ ኩሉኻትኩም ድማ ኸምኦም ክትጠፍኡ ኢኹም፣ እብለኩም ኣሎኹ።” ቀጺሉ ብዛዕባ እቲ ዘይፈሪ ኦም እንታይ ከም ዚኸውን ይነግሮም። “ሓደ ሰብኣይ ኣብ ኣታኽልቲ ወይኑ ዝተተኽለት ኦም በለስ ነበረቶ። ፍረ ደልዩ ናብኣ ኸደ፣ ግና ኣይረኸበላን። ነቲ ሓላው ኣታኽልቲ ወይኒ ኸኣ፡ ‘እንሆ ካብዛ በለስ እዚኣ ፍረ ደልየ ሠለስተ ዓመት ተመላሊሰ፣ ኣይረኸብኩላን። ቍረጻ፣ ስለምንታይ መሬት እተባኽን? በሎ።” ይብለና።<br><br>ኣምላኽ ምእንቲ ድኅነትና ንወዱ ኢየሱስ ክርስቶስ ንመሥዋዕቲ መስቐል በጃ ኃጢኣትና ኣወፍዩዎ እዩ። ፍቕሪ እንታይ ከም እትመስል ኣርእዩና። ንሕና ከኣ ከምቲ ኢየሱስ ዘፍቀረና ክንፋቐር ይጽበየና። ብፍላይ ንሕና እቶም ቃሉ ዝሰማዕናን ዝፈለጥናን ክርስትያን ሕይወትና ፍረ ክፈሪ ይጽበየና እዩ። ሎሚ ቃሉ ኣነጺሩ ኣምላኽ ንደቂ እስራኤል ካብ ባርነት ግብጺ ብሓያል ቅልጽሙ ድሕሪ ኣውጺእዎምን፡ መና ኣብ በረኻ መጊብዎምን፡ ካብ ከውሒ ማይ እስትዩ ድሕቲ ተኸናኺንዎምን፣ ገና ናብ ግብጽን ናብ ኣማልኽቲ ጣኦታትን ይጥምቱ ስለ ዝነበሩ ኣብ ምድረበዳ ማለት ምድሪ ተስፋ ከይኣተዉ ከምዝጠፍኡ ገበረ። እዚ ንዓና መለበሚ ከምዝኾነ ቃሉ ይነግረና ኣሎ። ኣምላኽ ርኅሩኅን መሓርን፣ ንኹራ ደንጓዪ፣ ብምሕረት ድማ ምሉእ እኳ እንተኾነ፡ ነቲ ዘይፈሪ ግና ብመዓልቱ ኪቀርጾ እዩ። ካብ ኣታኽልቲ ወይኑ ወይ ካብ ሕዝቡ ምሕዩ ኪድርብዮውን እዩ። ካብኡ ይሰውረና! እምበኣር እቲ ካባና ደው ኢሉ ዚመስሎ፡ ከይውወድቕ ይጠንቀቕ። ኣምላኽ እንታይ ዝዓይነቱ ፍረ ክንፈሪ ይጽበየና? ብመጀመርያ ንኣምላኽ ከም ኣምላኽ ብዝግባእ ኣብ ሕይወትና ከነቐድሞን ክነምልኾን ይጽበየና። ቃሉ ክንሰምዕን ኣብ ጸሎት ምስኡ ክንዋሳእን ይደሊ። ንብጻይና ከነፍቅር ይደልየና። ትሑታት፡ ዕጉሳት፡ ገበርቲ ሰላም፡ ገበርቲ ምሕረት ክንከውንን፣ ነቶም ስኡናትን ውጹዓትን ከኣ ክንድንግጸሎም ክንሓቝፎምን ይጽበየና። እቲ እንምገቦ ቅዱስ ቍርባን ሓደ ኣካል ክርስቶስ ስለ ዝገብረና፡ ሥድራቤቱ ንኣምላኽ ምዃና ክርድኣናን፡ ኩሉ ከኣ ሓውና/ሓፍትና ምዃኑ ከነለሊ ይደልየና፣ ብዓሌት ብወገን ከይንፈላለ ይጽበየና። “ኦ ጐይታ እምነት ወስኸኒ። ኣውያተይ እትሰምዕ ኣምላኽ፡ ክተድሕነኒ ካብ ዙፋንካ እትወርድ ኣምላኽ ምዃንካ ከም ዘስተውዕል ግበረኒ። ንዓኻ ገዲፈ ናብቲ ዘየሓጉሰኒ ግዜያዊ ነገራት ከየድህብ ርድኣኒ።” |